ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ዓዲግራት ንናይ ከተማ ኣብያት ፅሕፈት ኣገልግሎት ዝውዕል ኤሌክትሮኒክስ ፣ ኣቅሑት ቢሮ፣ ናይ መኪና ጋራዥ ፅገና፣ ሞተር ሳይክል ፣ ናይ መኪና ስፔር ፣ ካብ መደበኛ በጀት ብግልፂ ጨረታ ክዕድግ ስለዝደለየ ቀፂሎም ዝተዘርዘሩ መዐቀነታት እተማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ንኽትወዳደሩ ይዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ሕዳር 18, 2012 (ልዕሊ 6 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 3, 2012 4:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
- ቦታ:ዓዲግራት
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 3, 2012 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሽከርከርቲ/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ፅገና ሞተርሳይክል/ ዕድጊት ሞተርሳይክል/

1 ናይ ዘመኑ ግብሪ ዝኸፈልኩምን በቲ ዘፈር ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድ ቅዳሕን ዋንኡን ሒዝኩም እትመፁ፤

2 ናይ ነጋዳይ መለለይ ቁፅሪ (Tin number)፤

3 ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ወረቀት ምስክር መቅረባይነት ቅዳሕ ምስ ዋንኡ ክተቅርቡ እትኽእሉ፤

4 ንተወሳኪ እሴት ታክስ ዝተመዝገብኩምሉ መራዳእታ ናይ ወርሒ ጥቅምቲ ሒሳብ ዘፍለጥኩምሉ መረዳእታ ቅዳሕ ምስ ዋንኡ ክተቅርቡ እትኽእሉ፤

5 ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ እዚ ምልክታ ጨረታ ካብ ዝተጋወሐሉ 18/03/2012 ዓ/ም ጀሚረኩም ክሳብ 02/04/2012 ዓ/ም ሰዓት 11.30 ዘይምለሰ 50.00 ቅርሺ ፣ እናኸፈልኩም ካብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስ ከተማ ዓዲግራት ምውሳድ ትኽእሉ።

5 ተጫረቲ ጨረታ ቅድሚ ምኽፋቱ መኽበሪ ጨረታ ኤሌክትሮኒክስ 10000.00 ፣ ኣቅሑት ቢሮ6000፣ ናይ መኪና ጋራዥ ፅገና4000፣ ሞተር ሳይክል10000 ፣ ናይ መኪና ስፔር10000 ፣ሽሕ ቅርሺ፣ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ወይድማ ጥረ ገንዘብ ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ክተድሕዙ ይግባእ።

6 ሳንዱቅ ጨረታ ኣብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ዓዲግራት ዝርከብ ኮይኑ እቲ ምልክታ ካብ ዝተጋወሐሉ እዋን ጀሚሩ ንተጫረቲ ክፍቲ ይኸውን።

7 ሳንዱቅ ጨረታ 03/04/2012 ሰዓት 4.00 ተዓሺጉ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4.30 ኣብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ዓዲግራት ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት።

8 እቲ ዝምላእ ዋጋ ስርዝ ድልዝ ክህልዎ ኣይግባእን፤ ስርዝ ድልዝ እንተሃሊዩዎ ግና ፊርማ በዓል ዋና ክዓርፎ ይግባእ።

9 ተወሳኺ እሴት ታክስ ተመዝገበቲ እትመልእዎ ዋጋ ተወሳኺ እሴት ታክስ ዝሓወሰ ክኸውን ይግባእ።

10 ኣብቲ ዝተመልኣ ዋጋ ብዛዕባ ተወሳኺ እሴት ታክስ ዘይተገለፀ እንተኾይኑ እቲ ዝተመልኣ ዋጋ ምስ ተወሳኺ እሴት ታክስ ከምዝተመልአ ተሓሳቢ ይግበር።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 ኣብ ነብሲወከፍ ገፅ እቲ ሰነድ ማሕተምን ፊርማን ናይቲ ትካል ክግበረሉ ይግባእ።

12 ቤት ፅሕፈትና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብኣካል ናብ ቤት ፅሕፈትና ብምምፃእ ወይድማ ብቁፅሪ ስልኪ

03 44 45 06 07/ 03 44 45 22 76 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle